# <u>መሕትት (Questionnaire)</u>

<u>*ብሙሴ ዜና*</u>

ኣቐዲመ ሰላም ንብሙሉእኩም ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ትርከቡ ደለይቲ ለውጢ ኤርትራውያን ዜጋታት ብምቕጻል ነዚ ኣብ ተኸታታሊ ሰሙናት ኣብ ኤርትራውያን መርበብ ሓበሬታ ንመጽናዕቲ ክኾነኒ ኢለ ኣዳሊየዮ ዘለኹ ሕቶታት ኣብ ምምላስ ክትተሓባበሩኒ ብኣኽብሮት እሓትት። ኣብዚ ዘለናዮ ፈታኒ ዝኾነ እዋን ኣብ ኤርትራ ለውጢ ኣየድልን ክብል ዝኽእል ጥዑይ ሓንጎል (Rational Mind) ዘለዎ ኤርትራዊ ዜጋ ኣሎ ኢለ ስለዘይኣምን ነዚ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ሰባትን ንምርጭኣምን ኣብ መጽናዕተይ ከምዘየእተኽዎ በዚ ኣጋጣሚ ክሕብር እፈቱ። ነዚ መጽናዕቲ ኣብ ምክያድ ናይ ኩለን መርበብ ሓበሬታ ኣስተዋጽኦ ኣብ ምዝርጋሕ እዚ መሕትት እዚ ኣገዳሲ ምዃኑ ተኣሚኑ ምትሕብባሮም እጠልብ።

<u>ሓበሬታ፡-</u>

1. እዚ ቃለ መሕትት ኣብ 5 ሕቶታት ዝተመቕለ ኢዩ።
2. እቶም ኣብ ቀረባ ዝርከቡ ኤርትራውያን ማለት ኣብ መኣስከራት ሱዳንን ኢትዮጵያን ናይ መርበብ ሓበሬታ (Internet) ጸገም ክሕልዎም ስለዝኽእል ብኣካል ክሕተቱ እቶም ነዚ ጸገምዚ ዘይብሎም ድማ ብመንገዲ ኢንተርነት ክምልሱ ይሕተቱ።
3. ናይ ትቅመጡ ሃገር ሓበሬታ ኣገዳሲ ይኸውን። ኣብ ምትርጓም ናብ ኩሉ ኤርትራዊ ቛንቋታት ንተሓባበር።
4. እቲ ሕቶታት ምርጫ (Choice ) ኰይኑ ካብ 1 ኣማራጺ ንላዕሊ ምምራጽ ኣይፍቀድን።
5. ነዚ ሕትታትዚ ኩሉ ንለውጢ ዝደሊ ኤርትራዊ ክምልስ እቲ ማዕጾ ክፉት እዩ። ኣብ ምዝርጋሕን ምብዛሕን እዚ መሕትት ዘይረኸቡ ንተሓባበር።
6. ነቲ መልስታትኩም ኣሕጽር ኣቢልኩም በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክምትልዕኽዎ ይኹን። zenamg@yahoo.com ንኣብነት መልስኹም ንቁ1 A እንተኾይኑ A ወይ B እንተኾይኑ B፡ ወዘተ
7. መልስታትኩም ንኹሉ (5) ሕቶታት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ወይ 1 ወርሒ ክበጽሕ ኣለዎ።

8. ውጽኢት (Results) ናይቲ መጽናዕቲ ምስተጠናቀቐ ናብ ኩሉ ክዝርጋሕ እዩ።
9. ካብ ሓደ ግዜ ንላዕሊ መልሲ ምሃብ ኣይፍቀድን እዩ።

# ሕቶታት

1. ኣብ ኤርትራ ኣድላይነት ለውጢ ኣብዚ እዋን ኣገዳስን ዘየማትእ ኰይኑ ክንሱ ለውጢ ብኸመይ ዝብል ግን ዘይተመለሰን እዋናውን ሕቶ ኮይኑ ተሪፉ ኣሎ። ስለዚ ከም ለውጢ ደላይ ኤርትራዊ ዜጋ ኣብ ኤርትራ ለውጢ ብኸመይ መንገዲ ክመጽእ ትደሊ ?
   ( ኩሉ ኣገባባት ነናቱ ኣሉታን ኣዎንታን ከምዘለዎ ክዝንጋዕ የብሉን )
   A. ብሰላማዊ ቃልሲ ንህግደፍ ካብ ሱሩ ብምምሓው፡
   B. ብዝተወደበ ኣገባብ ተጠርኒፍካ ብረታዊ ቃልሲ ብምክያድ፡
   C. ንህግደፍ ኣእሚንካ ኣብ ልዝብ ምስ ተቓውሞ ደንበ ክሳተፍ ብምግባር፡
   D. ምስ ኩሉ ኣብ ኤርትራ ሰላምን ዲሞክራስን ለውጥን ዝኣምን ሓይሊ ተሃጋጊዝካ ንህግደፍ ብምውዳቕ፡
   E. ነቶም ዘረግት ሰላም ኮይኖም ንህዝቢ ኤርትራ ቅሳነት ከሊኦም ዘለዉ ብኣጻብዕቲ ዝቑጸሩ ህግደፋውያን ብምቅንጻል፡
   F. ብኻልእ መንገዲ (እቲ ካልእ መንገዲ ክግለጽ ኣለዎ)

2. ኣብ ተቓውሞ ደንበ ኤርትራ ኣንጻር ሓድነትን ለውጥን ኮይኖም ካብ ዘለዉ ጸገማት እቲ ቀዳማይ ትብሎ ኣየናይ እዩ?
   A. ኣውራጃውነት
   B. ብሄራውነት
   C. ሃይማኖት
   D. ህርፋን ስልጣን
   E. ጀብሃውን ሻዕቢያውን ኣተሓሳስባታት
   F. ፍልልይ ኣብ ፖለቲካዊ ፕሮግራማት
   G. ዘይምሕንጻጽ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን
   H. ምስላኽ (ምህላው) ህግደፋውያን ባዕታታት ኣብ ተቓውሞ ደንበ
   I. ካልእ (ግለጽ)

3. ኣብዚ ኣመና መሪርን ቃንዛ ዝመልኦን ሃለዋት ኤርትራውያን ብፍላይ ድማ መናእሰያት ኤርትራ እግረይ ኣውጽእኒ ኢሎም ካብ ህልንኦም ወጻኢ ናብ ዝረኸብዎ መንገዲ ብዝረኸብዎ ኣጋጣሚ ዝነፍጹሉ (ዝስደዱሉ) ዘሎ እዋን ኣበርክቶ መንእሰያት ኤርትራውያን ተሳታፍነቶም ኣብ ለውጥን ምትሕግጋዝ ምስ ተቓወምቲ ውድባትን ካብ ዝደረቶ ምኽንያታት እቲ ቀንዲ እንታይ እዩ?

   A. ንመንእሰያት ኣብ ምዕላይ ዘሎ ድኽመት ተቓወምቲ ውድባት
   B. ነፍስ ፈተውትን ለውጢ መጸ ኣይመጸ እንታይ ገዲሹኒ ዝዓይነቱ ኣተሓሳስባ መንእሰያትን
   C. ምትብባዕ በቶም ኣቐዲሞም ኣብ ወጻኢ ዘለዉ ኢያታቶም ንምቁራጽ ባህርን ምድረበዳን ሸኡ ኣብ ኣውሮፓን ኣሚሪካን ምስኦም ንኽነብሩ ብምሕሳብ
   D. ኣብ ኤርትራ ለውጢ ክመጽእ ኣይኽእልን ዝዓይነቱ ናይ ቀቢጸ ተስፋ ኣተሃሳስባ መንእሰያት
   E. ኣብ ዘለኹ ሃልዩ ህግደፋውያን ከረኻክቡለይ ኢዮም ዝብል ናይ መንእሰያት ፍርሒ
   F. ካልእ (ግለጽ)

4. በዚ ዘሎ ኣካይዳ ህግደፍን ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራን ኣብ ኤርትራ ዲሞክራሲ መሰረቱ ዝገበረ ሰላምን ርግኣትን ዝዓሰሎ ሃዋሁ ንምፍጣርን ልምዓት ማእከሉ ዝገበረ ሃገር ንምውሓስ ክወስድ ዝኽእል ጊዜ?

   A. ትሕቲ 2 ዓመት
   B. ካብ 2 - 4 ዓመት
   C. ካብ 4 - 6 ዓመት
   D. ካብ 6 - 8 ዓመት
   E. ካብ 8 - 10 ዓመት
   F. ካብ 10 ዓመት ንላዕሊ

5. በዚ ንርእዮ ዘለና ኣይነት ኣካይዳ ህግደፍን ካብ መኣልቲ ናብ መዓልቲ ዝፍጠር ዘሎ ፍልልያት ኣብ ኤርትራውያን ዜጋታት ኣብ ውሽጥን ደገን ኤርትራ ዝፈሸለት ሃገር (Failed State) ማለት ከም በዓል ሶማልያ ናይ ምኳን ተኽእሎ?

   A. ኣሎ
   B. የለን

**የቐንየለይ**